
# ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ምስራሕ መምርሒ

## ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ምስራሕ መሰል

ናይ ዓዲ እንግሊዝ ዜጋታት እንተደኣ ዘይኮይንኩም፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ምስራሕ መሰል ከምዘለኩም ከተረጋግጹ የድልየኩም።ኣስራሕቲ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ንሓደ ሰራሕተኛ እንተደኣ ቆጺሮም፡ ብገንዘብን ክሳብ ማእሰርቲ`ውን ዝኸይድ መቕጻዕትን ክቃልዑ ይኽእሉ።

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፡ ልዕሊ 20 ዝኾኑ ናይ ስራሕ ቪዛ ኣለዉ። እቶም ዝርዝር ድማ ኩሉ ጊዜ ብስሩዕ መንገዲ እንዳተመሓየሹ ይኸዱ። እንተደኣ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከስረሐኩም ዘኽእል ብቑዕ ቪዛ ኣለኩም ኮይኑ፡ ነዚ ናይ ኢንተርነት ናይ ኦንላይን ኣገልግሎት ተጠቐሙ።

### ንዝያዳ ዕሙቕ ዝበለ ሓበሬታ ኣብ ስእልታት ወይ ኣብ ሊንክታት ጠውቑ።

| | |
|---|---|
| **ናይ ምስራሕ መሰል ንምርግጋጽ**<br> | እንተደኣ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ምስራሕ መሰል ንምርግጋጽ ናይ ስደተኛ ኩነታትኩም ብኢንተርነት ክትርእይዎ ተነጊሩኩም፡ መካፈሊ ኮድ ክወሃበኩም ይከኣል ኢዩ። እቲ ኮድ ን30 መዓልቲ ጥራሕ ዘገልግል ኮይኑ፡ ምስ ኣስራሕቲ`ውን ከራኽብ ዝኽእልን ንሳቶም ድማ ከፈቶም ክርእይዎ ዝኽእሉን ኢዩ።<br>• ንስኻትኩም ክትሰርሕዎ ዝፍቀደልኩም ዓይነት ስራሕ<br>• ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንኽንደይ እዋን ኢኹም ክትሰርሑ እትኽእሉ?<br>• ዝኾነ ይግበኣና`ዩ ትብሉዎ/ትወስድዎ ረብሓታት ወይ ድማ ናይ NHS ኣገልግሎት ናይ ምርካብ ዕድላት እንተለኩም፡<br>• ናይ ባንኪ ሒሳብ ክትከፍቱ ትኽእሉ እንተኾይንኩ፡<br>ነቲ ናይ ኢንተርነት ኮድ ክትጥቀሙሉ ይከኣል ኢዩ፡ እዚ ድማ ብመገዲ ናይ መንግስቲ መርበብ ሓበሬታ ተጠቒምኩም እዩ። ዘድልየኩም ሰነዳት ንምጥቃስ ዝኣክል፦ ናይ ፓስፖርት ወይ ናይ መንነት ካርድ፡ ናይ ባዮ-መትሪክ መንበሪ ፍቓድ፡(BRP) ወይ ድማ ቪዛን ናይ ባዮ-መትሪክ መንበሪ ፍቓድ ቁጽሪ ካርድ። |
| **ቁጽሪ ሃገራዊ መድሕን እንታይ ኢዩ?**<br> | NINO ዝብል ቃል ንቁጽሪ ሃገራዊ መድሕን ዝውክል ኮይኑ፡ መወከሲ ቁጽሪ ናይ ኣከፋፍላ ቀረጽን፡ ሃገራዊ መድሕንን ከምኡ`ውን መሕተት ረብሓታትን የጠቓልል።<br>ናይ ብሪጣኒያ ዜጋታት ቁጽሪ ሃገራዊ መድሕን ኣብ 16 ዕድመኦም ይቕበሉዎ። ስደተኛታት`ውን NINO ይውህቦም ኢዩ። ይኹን ደኣምበር እዚ ንኹሉ ናይ ስራሕ መሰል ንዘለዎ ይምልከቶ ማለት ኣይኮነን። ስለዚ ከተመልክቱ ከድልየኩም ይኽእል እዩ።<br>ብዘይ NINO ስራሕ ክትጅምሩ ትኽእሉ ኢኹም ግን ሓደ ኣብርክቶ ኣብ ሃገራዊ መድሕንን እቲ ዝኽፈል ቀረጽን ብትኽክል ብስምኩም ተመዝጊቡ ከምዘሎ ምርግጋጽ የድሊ።እዚ ንክኸውን ክሳብ 16 ሰሙናት ስለዝወስድ ቅልጥፍ ኢልካ ምጅማር ውጽኢታዊ ኢዩ። |
| **ሕጽረት ናይ** | እቲ ሕጽረት ዘለዎ ናይ ስራሕ ዝርዝራት ክበሃል እንከሎ ናይ ዕዮ ዝርዝራት ኮይኑ፣ |

| | |
|---|---|
| **ስራሕ ዝርዝራት**<br> | እንግሊዛውያን ናይ ቢዝነስ ሰባትን ኣስራሕትን ብሕጽረት ናይ ሰራሕተኛታት ይጽገሙ ኢዮም።<br><br>ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ዑቕባ ዝሓቱ ሰባት ክሰርሑ ኣይፍቀደሎምን ኢዩ። ግን ብዘይ ናቶም ኣበሳ ሕቶኦም ልዕሊ 12 ኣዋርሕ እንተወሲዱን ምስዚ ብዝሰማማዕ መንገዲ ናይ ስራሕ ብቕዓት እንተደኣ ኣለዎምን ኮይኖም፣ ኣብ'ቲ ሕጽረት ዘለዎ ናይ ስራሕ ዝርዝራት ከመልክቱ መሰል ኣለዎም።<br><br>ኣብ ከምዚኦም ዓይነት ስራሕ ናይ ምስራሕ መሰል ምእንቲ ክትረኽቡ፡ ናብ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ቤት ጽሕፈት ቪዛን ጉዳይ ስደተኛታትን ብምጽሓፍ ከተመልክቱ ኣለኩም። |
| **ናይ ምግላጽን ምኽልካልን ኣገልግሎት**<br> | ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከቡ ብዙሓት ስራሕቲ፣ ምጽራይ ድሕረ-ባይታዊ ናይ ገበን መዛግብቲ ይደልዩ ኢዮም። እዚኦም ኩሉ ጊዜ ምስ ቆልዑን ምስ ዓበይትን ምስ ኣካለ-ጎደሎ ዝኾኑ ሰባትን ብምስራሕ ይሳተፉ።<br><br>[እዚ ናይ ምግላጽን ምኽልካልን ኣገልግሎት (The Disclosure and Barring Service):]() (DBS) ሓደ መንገዲ ነቲ ኣስራሕቲ ብዛዕባ ናትኩም ናይ ገበን መዝገብኩም ዝገብሩዎ መርመራ ኢዩ። መርመራ ኣብ ውሽጢ ዓዲ እንግሊዝ ጥራሕ ኢዩ ዝካየድ። እንተደኣ ኣብዞም ዝሓለፉ 5 ዓመታት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዘይተቐሚጥኩም፡ በዓል ጽቡቕ ስነ-ምግባር፡ ዝብል ካብ ሃገርኩም መረጋገጺ ሰርቲፊኬት ክወሃበኩም ከተመልክቱ የድሊየኩም። እቲ ናይ ምምልካት መስርሕ [ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይፈላለ እዩ]()።<br><br>እንተኾነ ከምዚ ዓይነት ጽሑፍ ካብ ሃገርኩም ክትረኽቡ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ስለዚ እቲ ዝሓሸ ምስቶም ኣስራሕቲ ብዛዕባ ካልእ ኣማራጺታት ናይ ምርግጋጽ መስርሓት ምዝራብም ዝሓሸ እዩ። ንኣብነት ተወሰኽቲ መወከሲ ጠባያት ናይ ሓደ ሰብ። ከም ተወሳኺ`ውን ብሕጋውያን ሞያውያን ክኢላታት ገይርኩም ናይ ቃለ-ማሕላ መስርሕ ክግበር ይከኣል ኢዩ።<br><br>ገለ ናይ ገበን ፍርዲ ዝተዋህበም ውሳኔታት`ውን ከም ዝተዛዘሙ መግለጺ ምግባር ኣድላይ ኣይኮነን። ስለዚ`ምበኣር እቶም ሕግታት ዝተሓላለኹ ስለዝኾኑ፡ ዝኾነ ገበናዊ ፍርዲ ዝሀልወኩም`ሞ እቲ ኣስራሓይ ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝሓተኩም እቲ ዝበለጸ፡ ምኽሪ ከምትረኽቡ ምጽዓር ኢዩ። |

## ቀንዲ ነጥብታት

1. **ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብዘይ ቅኑዕ ሰነዳት፡ ምስራሕ ዘይሕጋዊ ኢዩ።**
2. **ኣስራሕቲ ድማ ብዛዕባ ንስራሕ ዘለኩም ብቕዓት share code ክውክሱኹም ኣለዎም።**
3. **ስራሕ ንኽትሰርሑ ወይ ዝኾነ ዝኾነ ረብሓታት ንኽትሓቱ፡ ናይ ሃገራዊ መድሕን ቁጽሪ ንምርካብ ከተመልክቱ የድሊ።**
4. **ዝበዝሐ ናይ ስራሕ ትካላት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፡ DBS ዝተባህለ ናይ ገበን መዛግብቲ ምፍታሽን ምምርማርን የካይዳ።**

## ሓገዝቲ ምንጭታትን መራኸቢታትን

- Citizen’s Adviceእዚ ብዙሕ ጠቓምን ገላጽን ብቐሊሉ ንኽትርደኦ ዝሕግዝን ሓበረታ ኣለዎ። ከምኡ`ውን ኣብቲ ኩነታት ናይቲ ስደተኛ ዝተመርኮሰ ተቕርብዎ ዝተፈላለየ ምኽሪ ሓዘል ሰነዳት ኣለዎ።
- ዝተሓደሰ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ዝርዝርናይ ስራሕ ቪዛ
- ኣበርክቶንሃገራዊ መድሕን ክበሃል እንከሎ ከመይ ማለት ኢዩ እዩ?
- ፕሮጀክት፡ Migration Justice ዝተባህለ ትካል፡ ሓደ መምርሒ ናይ ስደተኛታት ግቡእ ናይ ዑቕባ ኣገልግሎት ንክረኽቡን ብዛዕባ ናይ ስራሕ ፍቓድ ንምርካብን ጽቡቕ መረዳኣታ ንክህልዎም ዘዳለዎ ኣውጺኡ ይርከብ።
- ሓደ A-Z ናይ ሃገራት ከምኡውን መስርሕ ምምልካት ናይ ወጻኢ ገበናዊ መዝገብ ምፍታሽ
- ናይ ውልቀሰብት ስነምግባር መገምገምን ንኽመርሕ ተባሂሉ ብመንግስቲ ዝተዳለወ መምርሒ ናይ ቃለ-ማሕላ ኣሎ፡ እዚ ድማስደተኛታት ኣብ ጸጥታዊ ስራሓት ንኽሰርሑ ናይ SIA ፍቓድ ፍቓድንምርካብ ንዘመልክቱ እዩ።
- ዝኾነ ናይ ገበን መዝገብ ምስ ዝህልወኩም፡ Unlock ሓበሬታ ክወሃበኩም ኢዩ፡ ምኽርን ደገፍን`ውን ኣይፍለየኩምን።

# ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ምስራሕ መምርሒ

## ዓይነታት ዕዮ

ዝኾነ ዕዮ ካብ`ዘም ዝስዕቡ ሰለስተ ጉጅለታት ናብ ሓዲኦም ይምደብ።

**ናይ ግሊ ጽላታት፡** – እዚኣተን ኩባንያታትን ዋኒናትን ናይ ገዛእ-ዋናታተን መኽሰብ ኣብ ምርካብ ዝተዋፈራ ኢየን። ንሳተን፣ ንብረት ብምሻጥን ኣገልግሎት ብምሃብን ኢየን ዝነጥፋ ኣብነታት ንምጥቃስ፦ ድኳናት፣ ሆቴላት፣ ኣከፋፈልቲ መኽዘናት፣ ከምኡ`ውን ፋብሪካታት የጠቓልል።

**ህዝባውያን ጽላታት፡** – እዚኣተን ዝተፈላለያ ብመንግስቲ ዝምወላን ዝመሓደራን ዓበይቲ ትካላት ኢየን። ዝህባኦ ጥቕሚ ድማ ኣገልግሎታት ንሕብረተሰብ ይቐርብ`ሞ፡ መንግስቲ ካብ ህዝቢ ብመልክዕ ቀረጽ ዝተኣከበ ገንዘብ ገይሩ የካይደን። ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ፦ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ሆስፒታላት፣ ከምኡ`ውን ዝተፈላለያ ውሽጣውያን ምምሕዳራትን ባይቶታትን።

**ወለንታዊ ጽላት፡** እዚ፡ ሳልሳይ ጽላት`ውን እንዳተባህለ ዝጽዋዕ ኮይኑ፣ ነዞም ዝስዕቡ ኣካላት የጠቓልል፦ ናይ ረዲኤት ትካላት፣ ኮማውያን ጉጅለታት፣ ማሕበራውያን ዋኒናት፣ ከምኡ`ውን ካልኦት ናይ መኽሰብ ዘይኮና ጉጅለታት የጠቓልል።

<table>
<tr><th colspan="2">ንዝያዳ ዕሙቕ ዝበለ ሓበሬታ፣ ኣብ ስእሊ ወይ ሊንክ ጠዊቕካ ምርኣይ ይከኣል።</th></tr>
<tr><td>ኩነታት ዕዮኹም ከመይ ኢዩ?<br><br></td><td>ናይ ዕዮታትኩም መሰላት፡ <u>ኣብ ናይ ዕዮኹም ኩነታት ዝተመርኮሰ ኢዩ</u>።<br><br>ንስኻትኩም ሰራሕተኛታት ኢኹም እዚ ድማ እንተደኣ ኣስራሒኹም ስሩዕ ናይ ስራሕ ቀረብ ዝገብረልኩም ኮይኑን፣ ከምኡ`ውን መዓስን ኣበይን ከምዝስራሕ እንተነጊሩኹም፡ ማለት ኢዩ። ሓደ <strong>ሰራሕተኛ</strong> ብኣስራሒኡ ስሩዕ ዕዮኡ ኣይንገሮን እዩ። ናይ ሰዓታት ውሕስነት`ውን ኣይግበረሎምን። ንኣብነት`ኳ ንምጥቃስ፦ ጊዝያውያን ወይ ወቕታውያን ሰራሕተኛታት።<br><br>ኣብ ክልቲኡ ኣብነታት፡ እቲ ኣስራሒ ኣብ ክንዳኹም ኮይኑ ቀረጽን ሃገራዊ መድሕን ኢንሹራንስን ይኸፍለልኩም። ንዓኻትኩም ንሰራሕተኛታት ድማ መሰረታዊ ዝኾነ መሰላት ዕዮ ከም ዓመታዊ ዕረፍቲ፡ ውሑድ ደሞዝን ካልእን ዝኣመሰለ ይህበኩም።<br><br>ስራሕኩም ናይ ከፊል-እዋን (part time) እንተደኣ ኮይኑ፣ ምስ`ቲ ምሉእ ጊዜ ዝሰርሕ ሓደ ደረጃ መሰል ናይ ዕዮ ይወሃበኩም።<br><br>ንዝያዳ ሓበሬታ፡ <u>`ኣብ ክፍሊ E መሰላትኩም ኣብ ስራሕ` ኣብ ዝብል፡</u> ክትረኽቡዎ ትኽእሉ።</td></tr>
<tr><td>ናይ ሓድሽ ምቍጻርን ናይ ስራሕን ኤጀንሲታት</td><td>ብዛዕባ ዕዮን ምቑጻር ሰራሕተኛታትን ኤጀንሲታት ድማ እዚኣተን፡ ኣብ ክንዲ`ቶም ኣስራሕቲ ብምዃን ሰራሕተኛታት እናቖጸራ ነቲ ዘውጸኣኦ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ተወዳደርትን ብቑዓትን ኮይኖም ዝተረኽቡ እንዳቖጸራ ዘስርሓ ውልቃውያን ትካላት ኢየ። እዘን ከምዚ ዝበላ ኤጀንሲታት ንሓደ ሰራሕተኛ ስራሕ ረኺበን ስለዝቖጸራኦ ፍጹም ዝኽፍላኹም ገንዘብ ክህሉ ኣይግበኦን።<br><br>ሓድሓደ ኤጀንሲታት ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ካልእ ዝተፈልየ ዕዮ ንሰራሕተኛታት ይረኽባሎም እሞ፡ ግን ከኣ እቶም ሰራሕተኛታት ክፍሊቶም በቲ ዝተፈልየ ዓይነት ስራሕ</td></tr>
</table>

| | |
|---|---|
|  | ይኸፈሎም። እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ትካላት፡ ናይ ዕዩ ዋኒናት ተባሂሎም ይፍለጡ። ስለዚ በዚ መሰረት፣ ንስኹም [ሰራሕተኛ፡ ናይታ ኤጀንሲ ክትኮኑ ኢኹም](#)። እዚ ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ከም ኣፍረይቲ ጽላታትን፣ ዓበይቲ መኻዚኖታትን ተደጋጊሙ ይረአ። |
| **ናይ ስራሕ ውዕላት**<br><br> | ስራሕ ምስ ተውሃብኩም፣ ኣስራሒኹም **ግድን** ናይ ጽሑፍ መግለጺ ዝርዝር ስራሕ ክህበኩም ኣለዎ፡ እዚ ድማ ወትሩ [ውዕል ስራሕ እዩ ዝብሃል](#) . እዚ ሕጋዊ ስምምዕ ኮይኑ መሰላትን ሓላፍነታትን እዩ ዝቐምጥ። ሰራሕተኛታት ኤጀንሲ'ውን ናይ ጽሑፍ መግለጺ ዝርዝር ስራሕ ክውሃቦም ኣለዎ ከሙኡ'ድማ መሰረታዊ ናይ ስራሕ መሰላት ክህልዎም ኣለዎም።<br><br>ቀወምቲ ውዑላት ድማ ዝተቐመጠ መወዳእታ ዕለተ ስራሕ የብሎምን። ቅሙጥ ግዜ ወይ ግዝያዊ ውዑላት ከኣ ዝተቐመጠ ናይ መወዳእታ ዕለት ስራሕ ኣለዎም። A '[ናይ ዘርሮ ሰዓት ውዕል](#) ድማ ዝተሓተ ዝሰፈረ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይብሉ ንስምምዕ የመልክት። |
| **ልምምዳት/ተለማመድቲ**<br>Apprenticeships | ተለማማዳይ ከኣ ሓደ ዝኸፈል ስራሕ ኮይኑ፣ ሰራሕተኛ ድማ ገለ ካብ ግዜኦም ብ ስልጠና የሕልፍዎ እዚ ድማ ብ ሃገር ተፈላጥነት ዘለዎ ብቕዓት ዘምርሕ እዩ።<br><br>ብዙሓት ሰባት ትልመዴን ሙኺን ን መንእሰያት ዝግባእ ጥራይ ጌሮም ይሓስብዎ፣ ኮይኑግን ኣብ ዝኾነ ዕድመ ዘለው ሰባት ከም ዝኾነ ካልእ ስራሕ ተልመዴን ንክኾኑ ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም። ኮይኑግን፡ ዝተሓተ ደሞዝ ናይ ተለማማዳይ ካብ ዝኾነ ካልእ ዕዮታት ኣዝዩ ዝተሓተ እዩ<br><br>ናይ ተለማማዳይ ስልጠና ከኣ ብ መንግስቲ እዩ ዝምወል፣ ስለዚ ገለ ጉጅለ ስደተኛታት ድማ ነዚ ዓይነት ስራሕ ዘይክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።<br><br>ብዛዕባ ተልመዴን ዝያዳ ክትረኽቡ ትኽእሉን ከምኡድማ ኣብ ጥቓኹም ዘሎ ዕድላት ክትፍትሹ ትኽእሉ ኢኹም፡ እዚ ድማ በዚ ዝስዕብ[ናይ መንግስቲ መርበብ ስራሕ](#). |
| **ናይ ባዕልኻ ስራሕ ምህላው**<br><br> | **ናይ ባዕሎም-ስራሕ**ዝሰርሑ ሰባት ድማ ናቶም ትካል ወይ ዋኒን ይውንኑን ከሙኡከኣ ብከመይን መዓስን ይሰርሑን ድማ ሓላፍነት ኣለዎምን። ናቶም ግብርን ሃገራዊ መድሕን ይኸፍሉ። ከም ሰራሕተኛታትን ዓየይትን ሓደ ዓይነት ናይ ስራሕ መሰላትን ሓላፍነታትን የብሎምን። ናትኩም ስራሕ ትውንኑ እንተድኣ ኮንኩምን ን ዓመት ልዕሊ £1000 ተእትው እንተድኣ ኮንኩምን ኣብ ቤት ጽሕፈት ግብሪ ናይ ዓዲ እንግሊዝ (HMRC) ብዛዕባ ዕላማ ግብሪ ክትምዝገቡ ኣለኩም።<br><br>ንስኹም ሰራሕተኛ/ዓያዪ ናይ ትካል ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም፡ ኮይኑግን ናትኩም ትካል ተካይዱን ብተመሳሳሊ ድማ ትካልኩም ትውንኑን ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። |

## ቀንዲ ነጥብታት

1. **ኩሉም ኣስራሕቲ፡ እንከላይ ወኪላት፡ ናይ ጽሑፍ መግለጺ ናትኩም ዓንቀጻትን ኩነታት ኣብ ስራሕን ክህብኹም ሓልፍነት ኣለዎም።**
2. **ሰራሕተኛ ወይ ዓያዪ እንተዳኣ ኮንኩም፡ ንስኹም ን መሰረታዊ ናይ ስራሕ መሰላት ይግብኣኩም እዩ። እዚ ድማ ን ኤጀንሲ ወይ ከፊላዊ ስራሕ፡ ሳሕቲ ወይ ናይ ዘርሮ ሰዓት ኩንትራት ስራሕ ዋላ ትሰርሑ ኩኑ ይምልከት እዩ።**

## ሓገዝቲ ምንጭታትን መራኸቢታትን

- መንግስቲ ድማ ወርሓዊ ጸብጻብ ይዝርግሕእዚ ድማ ብዛዕባ ኣብ ስራሕን ክፉት ናይ ስራሕ ቦታትትን ዘለው ቁጽሪ ሰባት እዩ።
- እዚ መምርሒ ድማ ሓፈሻዊ ስእሊ ናይ ኣብ ሞንጎ ናይ መንግስትን ናይ ግልን ጽላት ዘሎ ፍልልይ ኣብ ዓዲ እንግሊዝን ከሙኡድማ ጥቕምን/ጉድኣትን ምስራሕ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ጽላት ይህብ።
- እቲ ቻርተርድ ዝኮነ ትካል ፐርሰነልን ምምዕባልን (Chartered Institute of Personnel and Development) ድማ ዝያዳ ሓበረታ ናይ ብዛዕባ ኣብ ናይ ስራሕ ኩንትራት ክህልው ዘለዎ ይሕዝ።
- ሓበረታ ብዛዕባ ንናይ ስራሕ ኤጀንሲታትዝሸፍንዎም ሕግታት
- እዚ ሓጋዚ መምርሒ ናይ ብባዕልኻ ዝውነን ትካል ብ ናይ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ናይ ግብሪ ምምሕያሽ ጉጅለ (Low Income Tax Reform Group) እዩ፡ እዚ ድማ ብተወሳኺ ኣብ ስራሕ ዝሕግዝ ሓበረታ ዝሓዘ እዩ፡ ንሱ ድማ ዝተቖጸርኩም ኩኑ ወይ ናትኩም ትካል ዘለኩም ኩኑ እዩ

# ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ምስራሕ መምርሒ

## ስራሕ ምርካብን ምምልካትን

ዝበዝሑ ናይ ስራሕ ክፉት ቦታታት ኣብ ኦንላይን እዮም ዝጋውሑ። እዚ ድማ ኮምፒተር ከመይ ጌርካ ከም ትጥቀም ክትፈልጡ ከድልየኩም እዩ። ኮይኑግን፡ ኣብ ማዕጾ ናይ ከባቢ ዘለው ኣስራሕቲ ምኹሕ኿ሕ ይጠቅም እዩ፡

ስራሕ ከመይ ጌርካ ትሓትት ብዙሕ ምኽርን ሓበረታን ኣሎ። እዚ ክፍሊ ድማ ነቶም መሰረታውያን ይሸፍን።

ዝርዝር ናይ መርበብ ሓበረታታት ምስ ጽቡቕ ምኽሪ ናይ ምጽሓፍ ሲቪ/CVን መሰነይታ ደብዳበን ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ክፍሊ ክትረኽብዎ ኢኹም።

**ንዝያዳ ዕሙቕ ዝበለ ሓበሬታ፣ ኣብ ስእሊ ወይ ሊንክ ጠዊቕካ ምርኣይ ይከኣል።**

| | |
|---|---|
| **ናይ ስራሕ መድላይ መርበብ ሓበረታታት**<br> | ዝተወዓውዑ ክፉታት ናይ ስራሕ ቦታታት ክትረኽብሎም እትኽእሉ፡ ኣማኢት ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ናይ ስራሕ ቦታታት ወይ ናይ ስራሕ መርበባት ስራሕ ኣለው፡ ዝርዝር ናይ ብቕንዱ ናይ ዝዝውተሩ ድማ [ኣብዚ] ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም እዚ ድማ ምስ ገለ ከመይ ጌርካ ዝበለጸ ንዓኹም ትመርጹ ዝብል ምኽሪ እዩ። ስራሕ ዝቕዕጽሩ ኤጀንሲታት ብተደጋጋሚ ዝጥቀምሉዎም ናይ ስራሕ መርበባት-ሓበሬታ<br><br>ገለ ሳይታት ኣለዋ ኣብ ገለ ሞያ ወይ ናይ ስራሕ ጽላት ብፍሉይ ዝሕዛ። [CharityJob] እዚ ከኣ ኣብነት ናይ ብሰፊሑ ብሳልሳይ ኣካል ዝኾነ ጽላት ዝዝውተር እዩ።<br><br>ብዙሓት ትካላት ድማ ኣብ መርበብ ሓበረታአን ስራሕ ዝዘርዝር ገጻት ኣለወን፡ ቀጥታ ድማ ኣብ ናተን ሳይት ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ዝያዳ ኣብ ዓብይ ዝኾነ ዋኒን ልሙድ ኮይኑ፡ በዚ ድማ ኣብ ኢንዱስትሪኹም ዝሰርሓ እተን ቀንዲ ትካላት እንተዳኣ ፈሊጥኩመን ድማ ንስኹም ን ዝበለጸ ሓበረታ ኣብ ሳይተን ክትምዝገቡ ኣለኩም። |
| **መርበብ ስራሕ ምግባር**<br> | መርበብ ስራሕ ኣገዳሲ እዩ ከምኡድማ ብዙሓት ሰባት ብመገዲ ኣዕሩኽቶም፡ ስድራቤትን ናይ ቅድም መሳርሕትን ስራሕ ይረኽቡ እዮም። እዞም መርበብ ስራሓት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እንተዳ ዘይብልኩም ኮንኩም፡ እዚ ብዝያዳ ኣጸጋሚ እዩ፡ ኮይኑግን ነዚኦም [ንምህናጽ መገድታት ኣሎ እዩ]።<br><br>ሲቪኹምን መሰነይታ ደብዳበን ናብ ንኣሽቱን ማእከሎትን ዋኒናት ብዘዕባ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታታት ምስዳድ ይጠቅም እዩ። እዘን ትካላት ድማ ቀጻሊ ዋሕዚ ኣባላት ዓቕሚ-ሰብ ዘይክህልወን ይኽእል እዩ፡ ስለ'ዚ ድማ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታታት ወትሩ ኣይወዓዋዕን እዩ። ዋላ'ውን ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ዝኾነ ነገር እንተዘይብሎም፡ ነቲ ዝርርብ ምጅማር መገዲ እዩ፡ ከምኡድማ ኣብ መጻኢ ዝኾነ ነገር እንተድኣ መጺኡ ክዝክሩኹም እዮም።<br><br>[LinkedIn] ከኣ እቲ ዝበለጸ ናይ ኦንላይን ናይ መርበብ ስራሕ ሳይት ን ስራሕ ዝረኽቡ ሞያውያን እዩ።[ኣብ'ዚ] ከኣ ነዚ ከመይ ጌርካ ስራሕ ክትደሊ ከሎኻ ንረብሓኻ ትጥቀመሉ ጽቡቕ ሓሳብ ኣሎ። |
| **ዝሰጋገር ክእለታት** | [ዝመሓላለፍ ክእለታት] ከኣ ሞያታት ኮይኑ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዕዮ ትጥቀሙሎም እዮም። ገሊኦም ኣብ ናይ ስራሕ መመልከቲ ክትገልጾም ቀለልቲ እዮም፡ ንኣብነት ምሕደራ ፕሮጀክትን ኣይቲ/IT ሞያታትን እዮም። ካልኦት ዝመሓላለፉ ክእለታት ድማ ምህናጽ |

| | |
|---|---|
|  | ዝምድናን ኣቓልቦን ብዝርዝር የጠቓልሉ።<br><br>ዝመሓላለፉ ክእለታት ድማ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም ዝቖጸሩ።  ኣስራሕቲ ድማ ዝመሓላለፉ ክእለታት ዘለዎ ሰብ ን ዝለዋወጥ ናይ ስራሕ ቦታታት ክለምዶ ይተዓጻጸፍ እዩ ኢለን ይፈልጠኦ፡ ብዙሕ መግለጺ ዕዮታት ድማ ሓንቲ ትካል ተናድዮ ዘላ ቀጻሊ ሞያ ይዝርዝር። ንስኹም ኩሉ እቲ ዝጥለብ ሞያታት ዘይክህልወኩም ይኽእል እዩ፡ ኮይኑ ግን ናትኩም ዝመሓላለፉ ክእለታት ኣዝዩ ተመሳሳሊ ክኸውን ይኽእል እዩ። |
| **ሲቪን መሰነይታ ደብዳበን**<br> | ሓደ ሲቪ ወይ ረሱመ ከኣ ን ትምህርትኹም፡ ሞያኹም፡ ተመኩሮኹምን ናይ ስራሕ ታሪኽኩምን ዝ ዝርዝር ሰነድ እዩ። ሲቪ ኣብ ምጽሓፍ ቅኑዕ ወይ ጌጋ ዝብሃል መገዲ የሎን፡ ኮይኑግን ንስኹም ክትክተልዎም ዘለኩም ውሑድ መሰረታዊ ዝኾነ ሕግታት ግን ኣሎ።<br><br>• ንጽር ቅርጺ ተጠቐሙ<br>• ኣሕጽር ኣብልዎ<br>• ጌጋታት ኣወግዱ<br>• ናብቲ ዕማም ኣዛዝዉዎ<br><br>ኣብ ሲቪ ከተእትዉዎ ዘይብልኩም<br><br>• ዘይሞያዊ ዝኾነ ናይ ኢመይል ኣድራሻ<br>• ስእሊ<br>• ብሕትዊ ዝኾነ ዝርዝር |
| **ቅጥዒታት መመልከቲ**<br> | ኣስራሕቲ ወትሩ ግዜ ሲቪ ኣይሓቱን እዮም። ሓደ-ሓደ ግዜ መመልከቲ ፎርም ክትመልኡ ክሓትኹም እዮም፡ እዚ ድማ ኣብ ኦንላይን እዩ። ናትኩም ሲቪ ድማ ንዝበዝሕ ሓበሬታ ካት ገርኩም እናለጠፍክምዎ ኣብዚ ክጠቅም እዩ።<br><br>ንስኹም ድማ ናይ ስራሕ መመልከቲ ምስ መላእኩም ብዛዕባ መመልከቲኹም ዝያዳ ከተብርህዎ እትሓትት ክፍሊ ኣላ። እዚ ካብ ናይ ሽፋን ደብዳበ ንላዕሊ ተወሳኺ ዝርዝር ይሓትት።<br><br>ክፉት ናይ ስራሕ ቦታታት ድማ ብናይ ስራሕ መግለጺን ምዝርዛር ናይ ሰብን እዮም ዝጋውሑ፡ እዚ ድማ እቲ ስራሕ እንታይ የጠቓልልን ከምኡድማ ነቲ ስራሕ ንምስራሕ ዘድሊ ዝርዝር ናይ ሞያታት፡ ፍልጠትን ተመኩሮን ከኣ ይነግረኩም፡<br><br>ነዚ ክፍሊ ምስ መላእኩም፡ ንመልስኹም ምስ'ዚ ዝርዝር ንምዝማድ ክትፍትኑ ኣለኩም፡ እዚ ድማ ተተኻኢሉ ኣብነታት ብምሃብ እዩ።<br><br>ስራሕ ናይ ምሕታት ደረት ግዜ ኩሉ ግዜ ኣሎ። ክሳብ ናይ መወዳእታ ደቒቕ ድማ ኣይትግደፍዎ! |
| **ቃለ-መሕትት**<br> | ናይ ስራሕ ቃለ-መሕትት ድማ ገጽ-ንገጽ ኣብ ቴለፎን ወይ ድማ ብመገዲ ናይ ቪድዮ ኮንፈረንስ ሶፍትወየር ክግበር ይክኣል እዩ።<br><br>ኣቐዲምኩም ን ቃለ-መሕትት ክትዳለዉ ኣለኩም፡ ከምኡድማ ብዛዕባ እታ ትካልን ብዛዕባ እጃም ስራሕን ድማ ብዝተኻእለ መጠን ክትፍትሹ ኣለኩም።<br><br>ኣስራሕቲ ንዓኹም ክሓትኹም ዝኽእሉ፡ እሞ ንስኹም ነዚኦም ዝከውን መልስታት |

| | |
|---|---|
| | ክትለማመዱሎም ትኽእሉ ገለ ልሙድ ሕቶታት ኣለዉ። ኣብነታት ድማ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፥<br>• ብዛዕባኹም ዶ ገለ ክትነግሩና ትኽእሉ?<br>• ኣብ'ዚ እንታይ ክትሰርሑ ትደልዩ?<br>• እንታይ እዮም እቶም ሓያልን ድኹምን ጎንኹም?<br>• ንስራሕኩም ብከመይ ተመሓድርዎ?<br>• ኣብ ኣጸጋሚ ኩነታት መዓስ ክትካወኑ ከም ዝነበረኩም ኣብነት ዶ ክትህቡኒ ምኽኣልኩም?<br>ኣብ መወዳእታ ናይ ቃለ-መሕትት ድማ ዝኾነ ሕቶታት ኣለኩም እንተድኣ ኮይኑ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም። ሕቶኹም ዝተሓላለዝ ሙኳኑ ኣረጋግጹ። ብዛዕባ ናይ ስልጠና ዕድላት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም፡ ወይ ድማ ናይ መምዓልቱ ናይ ናይ ስራሕ ባህሊ። |
| **መወከሲታት**<br> | [መወከሲታት](#) ከኣ ብዛዕባ ናይ ስራሕ ተመኩሮኹም፡ ሞያኹምን ባህሪኹምን ክዛረቡ ዝኽእሉ ሰባት እዮም። ዝበዝሑ ኣስራሕቲ ድማ ክልተ መወከሲታት ይሓቱ፡ ሓደ ካብኦም ድማ ቀንዲ ናይ ቀረባ እዋን ማናጀር ክኸውን ኣለዎ። ማናጀር ድማ ብዛዕባ ዝመሓላለፍ ክእለትኩም ክዛረብ ክኽእል እዩ፡ ንኣብነት ስሩዕን ንቑዕ ፈታሕ ሽግር ሙኻንኩምን እዩ።<br>ነዚ ሓበረታ ምሃብ ን ገለ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ሓደስቲ ዝኾኑ ሰባት ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ እንተድኣ ናይ ስራሕ መወከሲታትኩም ኩሉ ካብ ወጻኢ ኮይኑ፡ ብእንግሊዝ ክትዛረብዎ ዝምችኣኩም ሰብ ከተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም።<br>ናይ ጠባይ መወከሲ ድማ ብዛዕባ ናትኩም ጽቡቕ ዝኾነ ግላዊ ነጥብታት ካብ ክዛረብ ዝኽእል ክግበር ይክኣል እዩ፡ ወለንታዊ ስራሕ ድማ ን ቅንዕና፡ ተኣማንነትን ጽቡቕ ባህርን ንመወከሲ ዝኸውን ከረጋግጽ ዝኽእል ጽቡቕ መገዲ እዩ። |

| | |
|---|---|
| **ቀንዲ ነጥብታት** | **1. ምንዳይ ስራሕኩም ድማ ናብቲ ቀንዲ ግቡእ መርበብ ስራሓት ኣምርሕዎ።**<br>**2. ሲቪኹም ድማ ሓጺር ክኸውን ኣለዎ፡ ናይ ፊደላት ጌጋ ከም ዘይብሉ ድማ ኣረጋግጹ**<br>**3. ክሰጋገሩ ዝኽእሉ ክእለታት ድማ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣገዳሲ ጌርካ እዩ ዝውሰድ። ብዛዕባ ናትኩም ግላዊ ብርታዐን ድኻማትን ሕሰቡ።** |

# ሓገዝቲ ምንጪታትን መራኸቢታትን

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከመይ ጌርካ ስራሕ ትሓትት ኣማኢት መምርሒታት ኣሎ። ኣብ'ዚ እነሆ ገለ ዝበለጸ  ኣብነታት

- ናብ ስራሕ ናይ ምምላስ መምርሒ
- መምርሒ ን ኣመልካቲ ስራሕ
- ከመይ ጌርካ መሰነይታ ደብዳበ ትጽሕፍ
- ገለ ኣብነታት ናይ መሰነይታ ደብዳበታት
- ገለ ረብሓታት ናይ ዝሰጋገር ክእለታት
- 20 ነጥብታት ንይ ጽቡቕ ቃለ-መሕትት
- ናይ ስደተኛ ናይ ዕዮ መርበብ-ስራሕ (The Refugee Employment Network) እዚ ናይ ሃገራዊ ኣባልነት መርበብ ስራሕ ኮይኑ፡ ኣብ ምፍጣር ዝሓሸ ናይ ስራሕ ዕድላት ን ስደተኛታት ኣብ መላእ ዓዲ እንግሊዝ ዘተኮረ እዩ። ቀጻሊ ዝውሰኹ ናይ ስርሕ ዕድላት ኣብዚ መርበብ ሓበረታ ኣለው።